ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርህ፣ ኣሳትፍ፣ ኣስምር

04.03.2022

# እቕረ ዘይብሃለሎም ስሕተታት!

ግዳማዊ ሜላ መብዛሕትኡ እዋን ነጸብራቕ ዘቤታዊ ሜላ ኢዩ። እቲ ኣብ መንጎ ዘቤታውን ግዳማውን ሜላ ናይ ሓንቲ ሃገር ዘሎ ዘይሃሰስ ምትእስሳር በቲ ኣብዚ ቀረባ እዋን እቲ ህሉው ስርዓት ኤርትራ ኣብቲ ኣብ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኒው ዮርክን ኣብ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጀነቫን ዚሃቦ ድምጽታት ብንጹር ተገሊጹ ኣሎ። ከምቲ እተን ሓያሎ ኣዕሩኽ ሃገራት ሩስያ ዚገበራኦ፡ ዘይምድማጽ ንኤርትራ ዘርብሕ ዚሓሸ ኣማራጺ ነይሩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ወራር ናይ ዚዓበየት ጐረቤት ሃገር ክልተ ኲናታት (1961-1991ን 1998-2000ን) ኣካይዱ። ሎሚ ድማ ኣብ ትሕቲ ኣረሜናዊ ጭቈና ናይ ሓደ መላኺ ውልቃዊ ስርዓት ኣብ ምስቓይ ይርከብ። ኣብቲ ቀዳማይ ጕዳይ፡ እቲ ስርዓት ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ብዘደንቕ ጅግንነት ዚተቓወሞ ዚመስል ኰነት ዚድግፍ ኣመት ዚህብ ድምጺ ምድማጹ ንምርድኡ ዘጸግም ኢዩ። ኣብቲ ካልኣይ ጕዳይ፡ ነቲ ከምቲ እቲ ስርዓት ንገዛእ ርእሱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብዘልማድ ዚፍጽሞ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ናይ ካልእ ሃገር ኪድግፍ ምርድኡ ዚከኣል ኢዩ።

እተን ክልተ 'ኣይፋል' ድምጽታት ዘይርትዓውያን፡ ምግላጸን ዘሸግርን ነብሰ-ነጸልትን ኢየን። ምናልባት ንሕንሕነ ናይቶም ኣብዚ ቀረባ እዋን ብዘይ ፍትሓዊ ኣገባብ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዚተነብሩ በይናዊ እገዳታት ዚተደምጻ ኰይነን፡ እተን ክልተ 'ኣይፋል' ድምጽታት ንመሰረታዊ ረብሓታት ሃገረ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ዘገልግላ ኣይኰናን። ነቶም ቀንዲ መሻርኽቲ ልምዓት ኤርትራ ዘግልላ ኢየን። ኣብቲ ብዚተጠናነገ ረብሓታት ዚልለ ኣህጕራዊ ስርዓት፡ ግዳማዊ ሜላ ብመሰረት እቲ ቀንዲ ሃገራዊ ረብሓ እምበር ብዕላማ ውልቃዊ ሕንሕነ ኪውሰን ኣይግባእን።